# ኾኹሎም መራሕቲ ኣብ ሓደ ቍራፅ የእቲኻ ምጥጣቕምስ ኣይዲንቅን

ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ዓለሙ በቲ ክሓልፎ ዝነበሮ መስርሕ ሕብረተ - ሰብኣዊ ምዕባሌ እናተጓዕዘ እንከሎ፣ ከምተን ሃገራት ኣፍሪቃ ይኹና ካልኦት ሃገራት ዓለም ብባዕዳውያን ዝተወረራ ኤርትራ'ውን ዕጭኣ ኰይኑ ብ1890 ብመንግስቲ ጥልያን ተወረረት። እቲ ዝነበረ ሕድሕዳዊ መስፍናዊ ውግኣት ኣኺቲሙ፣ ኤርትራ ንኣስታት 60 ዓመት ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ጥልያን ኰይና ሓለፈቶ። ኣብ'ዚ 60 ዓመት'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸሰቦ እንተነይሩ፣ ምስራሕ ጽርግያታትን ምህናጽ ከተማታትን ጥራይ ዘይኰነስ፣ ሓድነቱ እውን ዝምስገን ነይሩ ክበሃል ይከኣል። እንተ'ቲ ዉሁብ ናይ ገዛእቲ ግፍዕታት ጸብጺብካ'ውን ዝውዳእ ኣይኰነን። መንግስቲ ጥልያን ብመንግስቲ እንግሊዝ ተሳዒራ ኤርትራ ግዝእቲ ናይ እንግሊዝ ኣብ ዝኾነትሉ እዋን ከኣ፣ ህዝባ ዝኸሰቦ እንተነይሩ ትምህርቲ ናይ ደቁ ኾይኑ፣ ዝኸሰሮ ኸኣ፣ ስርዓት እንግሊዝ ካብቲ ፈላሊኻ ግዛእ ዝበሃል ርኹስ መትከሉ ነቒሉ ኾኽልቲኡ ሃይማኖት ብረት እናመጠወ ንገለ ዓመታት ኣብ ገለ ቦታታት ነንሕድሕዱ ኣቃቲልዎ እዩ።

ድሕሪ ግዝኣት እንግሊዝ ከኣ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ምስተጸምደት፣ ህዝቢ ኤርትራ 4-5 ዝኾና ሰልፍታት ኣቚሙ ጨሪ ናይ ዲሞክራስያዊ ምሕደራ ኣብ ዝረኣየሉ መድረኽ፣ ስርዓት ሃይለስላሴ ነቲ ኣንድነት ዝብል ሰልፊ ንገለ ብሽመት ንገለ ብውህበት ኣታሊሉ እዋን ኰንትራት ናይ ፌደረሽን ከይኣኸለ ከሎ፣ ብኢደ ወነኑ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ገበራ። ነዚ ህድግለነ ዘይብሉ ዓመጽ'ዚ ዝጻረር ከኣ ምስጢራዊ ውደባ ማሕበር 7 ዝበሃል ተመስረተ። እዚ ምንቅስቓስ'ዚ ኣብ ውሽጢ ከተማታት ተሓጺሩ ከድምዕ ስለዘይከኣለ፣ ወርሒ መስከረም 1961 ብጅግና ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓወተ ብስም ተ.ሓ.ኤ. ብረታዊ ቃልሲ ተፈለመ። ኰይኑ ግን ግናይ ዕድል ኰይኑ፣ ብረታዊ ቃልሲ ጌና ፍሕት ከይበለ ከሎ ምፍንጫላት ተራእየ። ክሳብ ግንቦት 24 1991 (ናጽነት) ከኣ ርኡይ ዝኾነ ምፍንጫል ዘርኣያ ጉጅለታት ኣስታት ዓሰርተ ክኾና ከለዋ፣ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ዳርጋ 4-5 ዝኾና ጉጅለታት ተፈንጪለን እየን።

እቲ ኾይኑ'ቲ፡ ናብቲ ኣውራ ሎሚ ክጽሕፍ ዘበገሰኒ ጉዳይ ክኣቱ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ እቲ ኻሮለን ተቓወምቲ ውድባት ኣጽሊሉ ክጕዓዝ ዝጸንሔ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን (ኤ.ዲ.ኪ.) ግዜኡ በጺሑ ኣብ 2 ደምበ ምስተገምዐ፡ ካብዚ ኣሉታዊ ተረኽቦ'ዚ ተላዒሎም ዝተቐጥዑ ውልቀ ሰባት ይኹኑ ጕጅለታት፡ ነቲ ተረኽቦ ጠንቁ ካበይን ብመንን ነቒሉ እዩ ናብ'ዚ ኣሉታዊ ምግምማዕ'ዚ ዘብጽሖ ኣጽኒዖምን ኣረጋጊጾምን፡ ካብ ኩሉ ኸኣ ሃዲኦምን ነቲ በደለኛን ካብ ሕጊ ኤዲኪ ዝወጸን ብዘይ ንሓፍነት ኣብ ክንዲ ዘሸንኑን ዝነቕፉን፡ ኻሮሎም ነቶም ኣብኡ ዝወዓሉ መሪሕነት ብጃምላ ኣብ ሓደ ቐራዕ የእትዮም ክጥቐም ምስ ኣንበብኩ ንድሕሪት ተመሊሰ ገለገለ ተዘክሮ ክዝክር ተቐሰምኩ። ንሱ ኸኣ፣ ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና እውን እንተኾነ ህዝብና ባዕሉ ብተበግስኡ ነተን ዝነበራ 2 ውድባት (ተሓኤ - ህግሓኤ) ኽዓርቀን ብ1974 ኣብ ወኪ ዛግር፡ ብ1976 ቅብ ዓዲ ገባራይን ጸበለ ኣብራሃምን ኣብ ካልእ ዓድታትን፡ ላዕልን ታሕትን ኢሉ እዩ። ይኹን'ምበር ክዕወት ኣይከኣለን። ኣብቲ ዝተገብረ ፈተነ ክልቲኤን ማዕረ ዝኾነ ጌጋ ነይርወን ክብል ኣይደፍርን። ኰይኑ ግን፡ ህዝብና ኩሉ ዝሰምዖን ዝርእዮን ሓቅታት ኣብ ልቡ ሓቢኡ፣ "ንሸኹም ጸጋማይ ዓይንና ንሸኹም ከኣ የማናይ ዓይንና" እናበለ እዩ ሓሊፉዎ። እዚ ዓይነት መርገጽ'ዚ ድማ ጕዲኡና'ምበር ጠቒሙና ዝብል ሚዛን የብለይን። ንምንታይ'ሲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ስዉእ ዘእየሱስ ኣብ ደቀምሓረ ደምበዛን፡ ስዉእ ክብሮም ምስግና ኣብ ማይ ዕዳጋ እገላ ሓመስ፡ ስዉእ ኪዳነ ተስፋማርያም ኣብ ወረዳ ዓንሰባ፡ ስዉእ ሽኮራይ ኣብ እምበረሚ፡ ስዉእ ገረዝጊሄር ኣብ ኣከለጉዛይ ካብቶም ኣማኢት ብምሉቕ ምሉቕ ብህ.ግንባር ዝተቐንጸሉ ንጹሃት ተቓለስቲ ካድራት ጀብሃ ነዞም ውሑዳት ምጥቃስ ጥራሕ ይኣክል። ኣብ ዉሽጢ ዉድባት ከይተረፈ ኸኣ ብኸምዚ ዓይነት ልሙስ መርገጽ ምቕጻሉ ዘየተሓሳስብ ኣይኮነን። ንምጥቃሱ ዝኣክል ምንቅስቓስ E.D.M (ኤ.ዲ.ም) ኣብ 1977፡ ምንቅስቓስ ሳግም ኣብ 1982፡ ምንቅስቓስ ሃገራዊ ጉባኤ ኸኣ ኣብ 2002 ኣብ ዉሽጢ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ሰ.ባ. ብስም መሰረታት ካብ ውድባዊ ስርዓታዊ ቅርጻን ሕግን ወጺኡ፡ ቲታ ክብል ከሎ ዘይኣባላት ዉድብ ይኹኑ ኣባላት ውድብ፡ ኣብ ክንዲ "ዓገብ ካብ ሕጊ ወጺእኩም ኢኹም ትቃለሱ ዘለኹም፡ ኣይፋልኩምን ተመለሱ፡ ንጹር መቃለሲ መስኖ ኣለኩም፡ ብኡ ተጠቒምኩም ተቓለሱ" ኣብ ክንዲ ምባል ብኣንጻሩ ኣንጻር'ቲ

ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ዝመረጽካዮ መሪሕነት ሆይ ምባል ትብዓትን ንቕሓትን ተቼጺሩ፣ መዓት ናእዳን ምትብባዕን ይግበረሎም ከምዝነበረ ኵልና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ብርግጽ ኣብቲ ዘለኻዮ ውድብ ይኹን ሰልፊ ዘየሕጕስን ባህ ዘየብለካ ነገራት ክትርእን ትኽእል ኢኻ። ግን'ከ፣ ብኣጋባብ ሕጊ ተጠቒምካ ዲኻ እተዐውቶስ ወይስ ካብኡ ወጺእካ? ንቕድም ንውድብ፣ ድሓር ንርእሰኻ ትጕድእ ከምዘሎኻ ዘይምስትውዓል ጥራይ እዩ ዝብል ገምጋም እዩ ዘሎኒ። ብሓደ ኰይንካ እምበር ተፈላሊኻ ዝመጽእ ፍረ'ውን ዋላ'ኳ የለን ክብል እንተዘይከኣልኩ ኣዝዩ ዉሑድ እዩ። ናብዛ ናይ ትማሊ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተራእየት ምፍልላይ ደጊመ ክምለስ። እቲ ገለ ገለ ነቲ ተረኽቦ ኣቐጢዕዎ እንተተጻረፈን እንተኸሰሰን'ኳ ብቕንዕና ዝነበሮ ትጽቢትን ሃንቀውታን ስለዝበርዓነ ክዕገስ'ውን ኣይከኣለን ክበሃል ይከኣል እዩ። እንተ'ቶም ገለ ገለ ኸኣ ሓለይትን ዝተሰምየምን ኣምሲሎም ባዓልያዓቢ ናይ ኣምሰሉ (ኢሳያስ) ተወንዚፎም ከምዛ ዝሕግዙን ዘተባብዑን ዝነበሩ ተረፍ ሓጕሶም "እዚኦም ደኣ ብዓንተቡኡ እንታይ ቁምነገር ከይገብሩ ካብ ምፍንጫል ሓሊፎም፣ ኣይበልናን'ዶ ...... ወዘተ" እናበሉ ቃና ህግደፍ ክቓንዩን ክወራዘዩን ዝቐነዩ እዮም።

ኣነ ብርእይቶይ ዋላ'ኳ ሓውናን ወላዲናን ሑሰን ከሊፉ ብመሰረት ባህሊ ወለድና፣ "ኣነ ዓብየ እየ፣ ነዚ ዘሎ ርሱን ሃዋህው ናይ ሃገርናን ዞናናን'ውን ክገጥሞ ዝበቕዖ ኣይኰንኩን። ዕረፍቲ'ውን የድልየኒ እዩ። ንዑ ደኣ ብዕድሚኡ ይኹን ብትሕዝትኡ ነዚ መድረኽ ዝበቕዖ ካልእ ባእታ ንምረጽ ............" ብዘይምባሉ ሕማቕ እንተተሰመዓኒ፣ ብዘየገድስ ቅድሚ ራሳይን ኣብ ራሳይን ድሕሪ ራሳይን ዝገብሮ ጌጋታት እንተነበረ፣ ኣንጊሁ ንሃገራዊ ናጽነት ሂወቱ ክህብ ዝመጸን፣ ምእንቲ ህዝባዊ ሓርነት ከኣ ብስም ናጽነት ኣመኽንዩ ይኹን ተታሊሉ ኣብ ስርዓት ህግደፍ ዘይተንበርከኸ፣ ሕጂ ንሑሴንን እቶም ንዑኡ ዝመስሉ መራሕትን ጻጸን ሓርማዝን እንኰሎና ብዘይተስፋ ምቕራጽ ዓቕሞም ብዘፍቕዶ ክምክቱ ዝጸንሑ፣ ንሰኻ ኸኣ ኣብ ዝጸናሕካ ጸኒሕካ ኣምሰሉ፣ ኣብ ርእሰኻ ምስ መጸካ፣ ኮር ተገልበጥ ክትዝንጥልን ክትዝልፍን'ሲ ዘጽብቕ ኣይኰነን። እምበር መን'ዶ ኣሎ እዩ ወለዱን ስድራቤቱን መታዓብይቱን ካብ ኩሉ ኸኣ ዝዓበየሉ ንፉስ ዓዱን ከተንፍስን ክረክብን ክርእን ዘይደሊ? ቅድሚ ኩሉ ኸኣ ኰስኵሶም ዘዕበይዎ ወለዱን ፍትዋት ኣሓቱን የሕዋቱን፣ ካብዛ ዘለናያ ዓለም ብሞት እናተፈለዩ ጕድኑ መሊኡ ሃገሩ ከይዱ ከፉንዎም ዘይደልን ዘይብህግን መን ኣሎ? እንታይ ድኣ! እቲ

መሰረቱ ብዕሽልነቱ ኩሉ ሓዲጉ ንሜዳ ዘይውጽኦ'ኮ ንጐበታትን ስንጭሮታትን ጥራሕ ነጻ ንምውጻእ ኣይኮነን ነይሩ። እኳ ድኣ፣ እቲ ኣውራስ ንመሰልን ክብርን ንሰላምን ፍትሕን ንዕብየትን ብልጽግናን ህዝቡ እዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፥ እዚ ኹሉ ባህጊ ብቑንጣሮ ሰብ ጹሩራ ማሃንዚት ክብልዎ ምስረኣየ፥ ብንሒን ሕልናን ሓቦን ተሰንዩ ኣብ ቦታ ስደት ኮይኑ፥ ዝደልዮ ከይበልዐን ከይሰተየን ከይተኸድነን ከይረገጸን ነዚ ህዝባዊ ባህግታትን ትጽቢታትን ናብ ቦትኡ ንምምላስ፥ ነዞም ሒዶት ሰብ ጹሩራ ኢድን መስኤን ኮይኖም ንህዝብና ዝብልግዎ ዘለዉ ድማ ቁልቁል ኣፎም ንምድፋእ፥ ብዓቕሙ ሓርኮትኮት ክብል ዝጸንሔን ዝቕጽል ዘሎን እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ ነዚ ኩዉን ሓቂ'ዚ ብገለ ሰባት ተጐስዩ ክሓልፍን ከናእስን ከሎ ብዘይቀለዓለም ይስመዓካ እዩ። ንዘይትደልዮን ንዘይትሓስቦን ዝነበርካ ናይ ሕልናን ኒሕን ቃልሸኻ ከጃህሩኻ ዝደፋፍኡ ክትርእን ክትሰምዕን ኮሎኻ ደስ ዝብል ኣይኮነን። እሞ ሓደራ፣ ክብራን ተኻባቢራን ኮይኑ ኩሉ ታሓላቕን ሓላይ ህዝቡን ዝኾነ በብዓቕሙ እንተተበጀወ ድኣ'ሉ ራህዋን ቅሳነትን ሰላምን ክብርን ክረክብ ዝኽኣል'ምበር፥ ብምንእኣስን ብምዝላፍን ክርከብ ዝከኣል ፍረ ፈጺሙ የለን። “እዚኦም እንታይ ይገብሩ ኣሎዉ፥ ንርእሶም ዘይሰመሩ፥ ካብዚኦም ዝመጽእ ራህዋ የለን” ኣብ ክንዲ ምባል ኣነ እንታይ ይገብር ኣሎኹ? ኣብዛ ጽንክርቲ ኵነታት እዚኣ'ስ እንታይ'ዩ ናተይ ተራ? ጽባሕ ንግሆ ታሪኸይ ብኸመይ ክትንገር ኢያ? እናበልና ምስ ነብስና እንተንዛረብን ንሓትትን መልሱ ባዕልና ምረኸብናዮ።

ሕጂ'ውን ጌና ኤርትራና ናበይ ገጻ ትጕዓዝ ከምዘላን ህዝብና ኣበየናይ ዓዘቕቲ ተሸኺሉ ይጻዓር ከምዘሎን ንርኢ ስለዘሎና፥ ተኻባቢርናን ተሓጋጊዝናን ንቃለስ'ሞ፥ ፍረ ጻማና ክንሓፍስ።

ወደ ሓንኩም

ሓዉኹም

መድሓኔ ንርኣዮ ካብ ኸወደን

15 - 04 - 2007